# ደብዛዝ ወርሒ

ናይ ቐርኒ ኣፍሪቃ ጩራ ብርሃን ባና
ድምቅቲ ኾኾብ  ኤርትራና
ሰላማ ዝረኸበት ሳላ ስዉኣት ደቃ ተጋደልቲ
ቐዉዒ ሓጋይ ጻጉመ ኮነ ክረምቲ
ወጋሕታ ፋዱስ ቐትሪ ኮነ ከዉታ ለይቲ
ዓድና ሃገርና ሓቂ ብሓቂ እያ ህድእቲ
ውፉያት ዘብረቅዋ ብርሃን ጸሓይ
ቀኒኣትልና ዓለም ጣልማይ
ኣይ ዉግእ ኣይ ሰላም ፈጢራ ዳግማይ
ንህዝብና ከተቀንዙዉ ከተብኪ
ማዕቀብ ጌራ ብዘይረኤ ዘይብተን ትኪ
እዘን ጸላእትና ዝፈተና ተፈተና
ምስጢር ሓይልና ብሉጽ ዉርሻና ክብትና ፍቅርና
ከምወትሩ ኣላሽ ኣላሽ ኣቢልናየን ኢና
ነዛ ዘውዲ ዝትንከፋ ወይልኡ
ቐዳሞት ኢሎም ኢዮም ብኣግኡ
ኣብቲ ውራይና ኣይንኽእሎንዶ ኢልኩምና
ኢለን እየን ግሩማት ህርኩታት ኣዴታትና
ደቂ ኤረይ ወሰንቲ ሓድነትና ባዕልና እወ ባዕልና
ግዜና እዩ ኣጆና ኣጆኹም ቅሰኑ ቅሰና
ኮዋኽብቲ ሳዋ ሓልሓለ ባጽዕ ዓዲ ቀይሕ ኦሮታ ሃመላማሎ ምስ ማይ ነፍሒ
ዓብሊሎማ ሸፊኖማ ከዊሎማ ናይ ዓለምና ደብዛዝ ወርሒ
ዘልኣለማዊ ዝኸርን ክብርን ንስዉኣትና
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ